www.EritreanRefugees.org

# <u>ጋንታ ኣመሪካ ኣብ ሊብያ ኣብ ሓደጋ ንዝርከቡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ይሕግዝ።</u>

### *ኣብ ሊብያ ንንጹህ ህዝቢ እንኮላይ ንስደተኛታት ኤርትራውያን ዝሕሉ ዓቃብ ሰላም የድሊ ኣሎ።*

*መጋቢት* 2፡ 2011

ክልተ ቐነ ኣቢሉ ይገብር ሓደ ወኪል ናይ 80 ዝኾኑ ኣብ ሊብያ ዝርከቡ ስደተኛታት ዝሓቖፈ ጉጅለ ምስ ጋንታ ኣመሪካ ንዝተማዛበሉ ኤርትራውያን ርክብ ፈጢሩ ነይሩ። እቲ ጉጅለ ብመገዲ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ጉዳይ ስደተኛታት ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቢሉ ዝርዝሩ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተማሓላለፈ ኢዩ ኔሩ። እንተኾነ ግን መንግስቲ ሊብያ ነቶም ነዚ ጉዳይዚ ከሳልጡ ብመንግስቲ ኣመሪካ ቃለመጠይቕ ከካይዱ ተባሂሎም ካብ ቤት ጽሕፈት ጸጥታዊ ጉዳያት መንግስቲ ኣመሪካ ዝተመዘዙ ሰባት ቪዛ ክህቦም ፍቓደኛ ብሰንኪ ዘይምኧኑ እቲ መስርሕ ምጽራይ ተገቲኡ ጸኒሑ። ጋንታ ኣመሪካ ግና እዞም ስደተኛታት እዚኦም ካብ ሊብያ ወጺኦም ጉዳዮም ኣብ ካልእ ሃገር ክርኤ ዝኽእለሉ መንገዲ ኣብ ምንዳይ እዩ ነይሩ።

እቲ ኩነታት ኣብ ከምዚ እንከሎ እቲ ኣብ ሊብያ ዝነበረ ሓፈሻዊ ዘይምርግጋእ ናብ ዝለዓለ ናዕቢ ብምስግጋሩ ንዕኡ ጠጠው ንምባል ተባሂሉ ኩሉ መራኸቢታት ተቛረጸ፡ መንግስቲ ሊብያውን ንመደባት ተቓውሞ ኪዓግት ክብል ንቴሌፎንን ንኢንተርነትን ከምዝቋረጽ ገበሮ።

ብድሕሪኡ ግና ለካቲት 27 ወዮም ጠፊኦምና ዝነበሩ ጉጅለ 80 ተሓቢኦም ከምዝቐነዩ ብምግላጽ መግብን ማይን ከምዝሰኣኑ ዝሕብር ደሃይ ሂቦምና። ኣብ እዋንቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ኩነታት ናብ ደገ ክወጽኡ ዘይመኽኣሊኦም ድማ እቶም ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝመጽኡ ዕሱባት ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ብቕሉዕ ብጥይት ይውቕዑ ስለዝነበሩ ንሳቶምውን ከዛወሩ ምስዝወጹ ብሰንኪ ሕብሮም ከምቶም ካልኦት ኣፍሪቃውያን ሓደጋ ከይወርዶም ብምፍራሕ ምኧኑ ሓቢሮም።ብወገንና ንሓደ ኣብ ሊብያ ንስደተኛታት ዝሕግዝ ዓለምለኻዊ ትካል ብዛዕብኦም ቅድመ-መጠንቀቕታ ከምዝበጽሖ ብምግባር ምስቲ ጉጅለ ክራኸቦ ዝኽእል ሓበሬታ ሃብናዮ። ድሕሪ ሓያሎይ ሰዓታት ነቲ ጉጅለ ኣዘራሪብና ከምዝተረዳእናዮ ካብቲ ተሓቢኦሙሉ ዘለዉ ቦታ ዘውጽኦም መርከብ ይመጽኦም ምህላዉ ኣቕዲሙ ተሓቢሩዎም ከምዝነበረን ንምኻድ ክምዝገቡ ናብ ወደብ ክኸዱ ምኧኖምን ስለዝተነግረና ተሓጒስና። ናብቲ ወደብ ምብጋሶምውን ተረዳእና።

ብድሕሪኡ ንመራሒ ናይቲ ጉጅለ መጋቢት 1 ብስልኪ እንተኣዘራረብናዮ ግና እቲ ዝተወርየ ኩሉ ቤላቤለው ኮይኑ ምትራፉን እቲ ጉጅለ ተመሊሱ ናብ ምሕባእ ከምዝኣተወን ተረዲእና።

ጋንታ ኣመሪካ ነዚ ጉጅለ ዝኸውን ሓገዝ እንተተረኺበ ኢሉ ንሓደ ዓለምለኻዊ ትካልን ኣብ ሊብያ ዝሰርሑ ካልኦትን ምውካሱ ቀጸለ። ስለዚ ከኣ ጋንታና ሓደ ካብ ቫቲካን ብስራሕ ኣብ ትሪፖሊ ዝተመደቡ ካህን ነቲ ጉጅለ ከምዝራኸቡዎ ክገብር ስለዝኸኣለ ዝምድና ክልቲኦም ይቕጽል ኣሎ።

ስደተኛታት ኤርትራውያን ንሂወቶም ዝሰግኡሉ ምኽንያት ብዓይኒቶም ዕሱባት ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ከይጥምትዎም ብዝብል ጥራይ ዘይኮነስ ብሰንኪ እቶም ኣብታ ሃገር ዘለዉ ስደተኛታት ተፈጢሩ ዘሎ ስእነት ስራሕን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ጸገም ናብራን ዝፈጠሮ ስምዒታትን ኣብ ልዕሊ ኣቶም ጸለምቲ ሊብያውያን ንገዛእ ርእሶም ዘሎ ሓፈሻዊ ድኹም ኣጠማምታን ዘኸተሎ እውን እዩ።

***ጋንታ ኣመሪካ ንዝተማዛበሉ ኤርትራውያን***

***መጋቢት2-2011***